ኣብ 2007 በጀት ዓመት 1 ይ ዙር ዕዳጋ ዝተፈላለዩ ንብረት ብምድብ LOT መቐሉ

ዝወፀሉ መዓልቲ: ሓሙስ ጥቅምቲ 18, 2008 (ልዕሊ 10 ዓመታት)
ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ረቡዕ ሕዳር 1, 2008 06:00 ደ/ሰዓት (ሓሊፉ)
ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:7000
ቦታ:መቐለ
ናይ ደኩመንት ዋጋ:100
ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ረቡዕ ሕዳር 1, 2008 06:00 ደ/ሰዓት
መደብ: መለዋወጢ ኣቁሑት ተሸከርካርቲ/ ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/

ማለተ እዉን

ምድብ - 1 /LOT -1 : - ሃለኾትን ቐወምትን ናይ ፅሕፈት መሳርሒ ኣቑሑት

ምድብ - 2 /LOT -2 : - ናይ ኤሌክትሮኒክስ ኣቕሑት

ምድብ - 3 /LOT -3 : - ናይ መኪና መለዋወጢ ኣቑሑት ጎማታትን ብብርኪ ክልል ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ

ስለዚ

1 በቲ ዘርፊ ናይ ዘመኑ ዝተሐደሰ ሕጋዊ ንግዲ ፍቓድ ኦርጅናልን ሓደ ኮፒ ከቅርብ ዝኽእል::

2 ናይ ግብሪ ከፋላይ መለለይ ቁፅሪ TIN ሰርተፊኬት ኦርጅናልን ሓደ ኮፒ ከቅርብ ዝኽእል::

3 ንተወሳኪ እሴት ታክሲ ዝተመዝገበ VAT ምዝገባ ሰርቲፊኬትን ናይ መስከረም 2008 ዓ/ም VAT ድክላሬሽን ኦርጅናልን ሓደ ኮፒ ከቅርብ ዝኽእል:;

4 በቲ ዘርፊ ናይ መቕረባይነት ዝተመዝገበ ምኻኑ ናይ ዘመኑ ዝተሐደሰ ምስኽር ወረቐት ኦርጅናልን ሓደ ኮፒን ከቅርብ ዝኽእል::

5 ኣብቲ ጨረታ ሰዓራይ ዝኮነ ተወዳደደሪ ዝሰዓሮ ንብረት ዉዕሊ ካብ ዝኣሰረሉ ዕለት ጀሚሩ እቲ ዝተሐተተ ፈርኒቸር ኣቑሑት ኣብ ዉሽጢ 15† ናይ ስራሕ መዓልቲ ብናይ ባዕሉ መጎዓዝያ ናብ ቢሮና ስቶር ክፍሊ በቲ ዝተሓተተ ፅሬትን መጠንን ከቅርብ ዝኽእል::

6 ናይ መወዳደሪ ደኩሜንተ ስርዝ ድልዝ ዘይብሉ ናይቲ ትካል ሽምን ኣድራሻን ማህተምን ፌርማን ዘለዎ ክኸዉን ይግባእ::

7 ተጫረቲ ንዝተዳለወ ዝርዝር መምረሒ ጨረታን ሰነድነ ጨረታን ምድብ- 1ን ምድብ- 2ን ምድብ- 4ን /LOT -1, /LOT -2, /LOT -3 / ንዘለዉ ዝርዝር ንብረታት ንሕድሕድ ሰነድ ዘይምለስ ብር 100.00 /ሓደ ሚኢቲ ብር ጥራሕ / ምድብ- 3 /LOT -3 ሰነድ ዘይምለስ ብር 30. 00/ሳላሳ ቅርሺ ጥራሕ/ እናኸፈለ ካብ ቢሮ ትልምን ፋይናንስን ከይዲ ንብረት ምም/ርን ቢሮ ቁፅሪ 2-19 ካብ 17 /2 /2008 ዓ/ም ክሳብ 01/ 3 /2008 ዓ/ም ኣብ ዘሎ ግዚያት ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓት ብኣካል ብምቕራብ ሰነድ ጨረታ ገዚኡ ክወዳደር ይክእል::

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

8 ተጫረቲ ናይ ጨረታ ዉሕስና መኽበሪ ንሕድሕድ ሰነድ ጨረታ /LOT -1, /LOT -2, /LOT -3 / ብር 7000. 00 / ሸዉዓተ ሽሕ ብር ጥራሕ/ ብሽም ቢሮ ትልምን ፋይናንስን / Bureau of plan & finance / ብ CPO ወይ ብስርቲፋይድ ቼክ ዉይ ድማ ብጥረ ገንዝብ ናብ ዝተዳለወ ናይ ቢሮና ጨረታ ሳንዱቅ ወይ ድማ ጨረታ ቅደሚ ምክፋቱ ከቅርብ ዝኽእል::

9 እቲ ጨረታ ዕለት 1 /3 /2008 ዓ/ም ልክዕ ሰዓት 3:30 ንጎሆ ተዓፅዩ በቲ ዕለት ሰዓት 4:00 ንጎሆ ኣብ ቢሮ ትልምን ፋይናንስን ከይዲ ንብረት ምም/ርንቢሮ ቁፅሪ 2-19 ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዘለዉሉ ይኽፈት::

10 ቢሮና ነቲ ጨረታዝሐሸ መማረፂ እነተረኪቡ ብሙሉእ ይኹን ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ::

11 እቲ ጨረታ ምስተከፈተ ቢሮና ናይቲ ዝግዛእ ንብረት መጠን ክሳብ 20 % ክቕንስ / ክዉስክ ይክእል እዩ::

12 ሰዓራይ እቲ ዘቕርቦ ንብረት ብበዓል ሞያ ተፈቲሹ ትክክለኛነቱ ምስተረጋገፀ ጥራሕ ኣታዊ ይኸዉን::

13 ንዝበለፀ ሓበሬታብቴሌፎን ቁፅሪ 03444105291 / 0344406200 /01-09 ናይ ዉሽጢ መስመር 227 : 265 ደዊልካ ምሕታት ዝከኣል ምኻኑ ንሕብር::

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle